# ምቕይያራት ዞባዊ ስጉምቲታት ኣብ ዞባ ቪከንን/Viken ንኡስ-ዞባ ግራንን/Gran

ብ16 መጋቢት መንግስቲ ኣብ መላእ ቪከን ዝርከባ ንኡሳን-ዞባታትን ኣብ ዞባ ኢ.ንላንደ/Innlandet እትርከብ ግራንን ዞባዊ ስጉምቲታት ኣተኣታትዩ ኔሩ'ዩ። ብምሉኡን 52 ንኡሳን-ዞባታት በቲ ዝተረረ ስጉምታዊ ደረጃ ሀ/A ከምዝቕየዳ ተጌሩ ኔሩ። ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና፡ ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ኣመሓዳሪ ዞባን ብዘሃብዎ ምሕጽንታታት 20 ዝኾና ንኡሳን-ዞባታት ከምዘለዎኦ ኣብ ስጉምታዊ ደረጃ ሀ/A ክቕጽላን፡ 19 ንኡስ-ዞባታት ናብ ስጉምታዊ ደረጃ ለ/B ክወርዳን፡ ከምኡ ውን 13 ንኡሳን-ዞባታት ዞባዊ ስጉምቲታት ክላዓለለን መንግስቲ ውሳኔኡ የሕልፍ። እዞም ምቅይያራት ካብ ፍርቂ ለይቲ ንኔው፡ ንሰኑይ 12 ሚያዝያ ዘውግሕን ዝትግበሩ ኮይኖም ክሳብ ሰንበት 25 ሚያዝያ ዘሎ ግዜ ድማ ይቕጽሉ።

- ቁጽሪ መልከፍቲ ኣብ ዞባ ቪከን ኣብዚ ቀረባ እዋን ከይወሰኸ እዩ ክቕጽል ጸኒሑ፡ እዚ ድማ ብ16 መጋቢት ዝተኣታተዉ ስጉምትታት ኣድማዕቲ ከምዝነበሩ እዩ ዘተንበሃልና። ኮይኑ ከብቅዕ ግና ኣብ ብዙሓት ንኡሳን-ዞባታት ኩነታት ለብዒ ዛጊት ልዑል እዩ ዘሎ። ስለዚ ኣብዘን ንኡሳን ዞባታት እቶም ተኣታትዮም ዘለዉ ዞባዊ ስጉምትታት እንተ ኣብ ህሉው ስጉምታዊ ደረጃ ወይ ኣብ ስጉምታዊ ደረጃ B ኮይኖም ክቕጽሉ እዮም ይብል ሚኒስትሪ ጥዕናን ክንክንን በንት ሆየ።

ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕና፡ ትካል ህዝባዊ ጥዕና፡ ኣመሓደርቲ ዞባ ኦስሎን ቪከንን እተን በዚ ዝተጸልወ ንኡሳን-ዞባታትን ብዛዕባ እዚ ጉዳይ ጥቡቕ ሕድሕዳዊ ዝርርባት ካካይዱ ጸኒሖም ኣለው። መብዛሕቲአን ንኡሳን-ዞባታት ድማ ነዚ ምሕጽንታ እዚ ብወገንን ደጊፈንኦ ኣለዋ።

**ኣብዘን ዝስዕባ ንኡሳን ዞባታት ስጉምታዊ ደረጃ ሀ/A ከም ዘለዎ ክቕጽል እዩ:**
Asker, Bærum, Drammen, Eidsvoll, Enebakk, Fredrikstad, Gjerdrum, Lier, Lillestrøm, Lørenskog, Moss, Nannestad, Nes, Nordre Follo, Rakkestad, Rælingen, Råde, Sarpsborg, Ullensakerን Åsን።

[ዝርዝር ትሕዝቶ ስጉምታዊ ደረጃ ሀ/A ሓበሬታታት ኣብዚ ይርከብ (ብፍሉይ ርዝነት ዘለዎ ስጉምታዊ ደረጃ A/ሀ፡ ብሕጋጋት ኮቪድ-19 ምዕራፍ 5A ዝተደንገገ ኢዩ)/Her finner du oversikt over tiltaksnivå A (Særlig høyt tiltaksnivå, regulert i covid-19-forskriftens kap. 5A)]

**ኣብዘን ዝስዕባ ንኡሳን-ዞባታት እቲ ስጉምታዊ ደረጃ ካብ A/ሀ ናብ B/ለ ከም ዝወርድ ብምግባር ተስተኻኺሉ ኣሎ:**

Aurskog-Høland, Frogn, Halden, Hole, Hurdal, Hvaler, Indre Østfold, Jevnaker, Kongsberg, Lunner, Marker, Modum, Nesodden, Nittedal, Ringerike, Skiptvet, Vestby, Vålerን Øvre Eikerን።

ዝርዝር ትሕዝቶ ስጉምታዊ ደረጃ ለ/B ሓበሬታታት ኣብዚ ይርከብ (ብፍሉይ ርዝነት ዘለዎ ስጉምታዊ ደረጃ B/ለ: ብሕጋጋት ኮቪድ-19 ምዕራፍ 5B ዝተደንገገ ኢዩ)/Her finner du oversikt over tiltaksnivå B (Særlig høyt tiltaksnivå, regulert i covid-19-forskriftens kap. 5B)

**ኣብዘን ዝስዕባ ንኡሳን ዞባታት ተኣታትዩ ዝነበረ ዞባዊ ስጉምቲታት የብቅዕ:**

Aremark, Flesberg, Flå, Gol, Hemsedal, Hol, Krødsherad, Nesbyen, Nore og Uvdal, Rollag, Sigdal og Ål ኣብ ዞባ Vikenን ከምኡ'ውን ንኡስ ዞባ Granን ኣብ ዞባ Innlandetን.

እዘን ካብ ስጉምታዊ ደረጃ ሀ/A (ብፍሉይ ርዝነት ዘለዎ ስጉምታዊ ደረጃ) ናብ ስጉምታዊ ደረጃ B/ለ (ረዚን ስጉምታዊ ደረጃ) ዝወርዳ ዘለዋ ንኡሳን-ዞባታት ገለ ካብቶም ዝተኣታተው ዘለው ምቅይያራት ኣብዚ ዝስዕብ ተዘርዚሮም ኣለዉ:

- ትሕቲ 20 ዝዕድሚኦም ቈልዑን መንእሰያትን ንጥፈታት ስፖርትን ትርፊ-ግዜን ኣብ ውሽጢ ንከካይዱ ይፍቀዶም። ከምኡ እውን ልዕሊ 20 ዝዕድሚኦም ኣብ ደገ ጥርኑፍ ንጥፈታት ንከየካይዱ ተኣታትዩ ዝነበረ ክልከላ ይለዓለሎም።
- ድኳናት: ማእከላት ዕዳጋን ድኳናት ናውቲ ኣባይትን ትካላትን ክኸፍታ ይኽእላ እየን። ተቐማጦ ኣብ ከከባቢኦም ዝርከባ ማእከላት ዕዳጋን ድኳናት ናውቲ ኣባይትን ትካላትን ክጥቀሙ ምሕጽንታ ይወሃቦም።
- ቤት-መግብታትን መስተን ክኸፍታ ይኽእላ እየን: ግን ምስሳይ መስተ ኣይፍቀድን እዩ።
- መሐንበሲ ኣዳርሽ: መሐንበሲ ባደላንድ: ምቾታዊ ኣገልግሎታት: መሐንበሲ ሆቴላትን ተመሳሳልን ንጥርኑፍ ትምህርቲ ምሕንባስ: ጥርኑፍ ልምምድ ምሕንባስ ንጥሕቲ 20 ዝዕድሚኦምን ንሓምበስቲ ስፖርተኛታት ቀዳማይ ደርጃን ከምኡ'ውን ንዳግመ-ሕውየትን ጥዕናዊ ምውስዋስን ውልቃዊ ሕክምናን ዝዓለመ ንክካየድ ይኽፈታ።

## መጀመርታ ስጉምታዊ ደረጃ A/ሀ ግዝያዊ ምስትኽኻላት ይግበረሎም፡ ቀጺሉ ዝተኣታተው ስጉምታውያን ደረጃታት ምልኡነታዊ ገምጋም ይካየደሎም።

ስጉምታዊ ደረጃ A/ሀ ዝተኣታተወሉ ዕላማ ኣብ ሓደ ዞባ ጠንቂ ሓያል ባርዕ ለብዒ ምፍላጡ ኣጸጋሚ ምስ ዝኾውን ካብ ክልተ ክሳብ ሰለስተ ሳምንትታት ዝጸንሑ ኣዝዮም ተረርቲ ስጉምትታት ንምትእትታው እዩ። ኣብ ዞባ ቪከን 20 ንኡሳን-ዞባታት ኣብ ስጉምታዊ ደረጃ A/ሀ ክቖጽላ እየን ክበሃል ከሎ ንቐረባ ሽዱሽተ ሳምንታት ብተረርቲ ስጉምትታት እናተቐየዳ ክቖጽላ ኣለወን ማለት እዩ።

– እቲ ዝተረረ ስጉምታዊ ደረጃ ኣብዘን 20 ንኡሳን-ዞባታት ክቕጽል ብምኺኑ ንተቐማጦአን ኣዝዩ ልዑል ተጽዕኖ ክፈጥረሎም እዩ። ስጉምታዊ ደረጃ A/ሀ ንኽንድዚ ዝኸውን ግዜ ክቕጽል ኣይኮነን ኔሩ እቲ ዕላምኡ። ይኹን ደኣ እምበር እዘን ንኡሳን-ዞባታት ዝርከባሉ ከቢድ ኩነታት ለብዒ ኣብ ግምት ብምእታው ስጉምታዊ ደረጃ B/ለ ኣኻሊ ኣይኮነን። ስለዚ ድማ ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ሕጂ ስጉምታዊ ደረጃ A/ሀ ድሮ ኣብ ዝመጽእ ዘሎ ሰሙን ገለ ግዝያዊ ምስትኽኻላት ክገበረሉ ዝከኣል እንተኾይኑ ብዝብል ገምጋም ንከካይዱ መልኸቲ ተዋሂቡዎም ኣሎ ይብል ሆየ።

ብተወሳኺ እውን ኩለን እተን ተኣታትየን ዘለዋ ዞባውያን ስጉምታዊ ደረጃታት (ስጉምታዊ ደረጃታት A፡ Bን Cን) ቤት-ጽሕፈት ጉዳያት ጥዕናን ትካል ህዝባዊ ጥዕናን ምሉኣዊ ዝኾነ ግምገማታትን ምስትኽኻላትን ንኽገብሩለን ቀኍሩብ ንዉሕ ዝበለ ገደብ ግዜ ብፍላይ ኣዋፊርናዮም ኣለና።

- ሕጂ ውን ጌና እዚ ኣዝዩ ፍሉይ ዝኾነ ሓያል ስጉምታዊ ደረጃ A/ሀ ግድን ኢና ክነቕጽሎ፡ ኣብ መጻኢ ውን ብተዛማዲ ንሕጽር ዝበለ ግዜ ብምትእትታው ንዝባርው ለብዕታት ብቕልጡፍን ኣድማዕን ኣገባብ ከበርዕነልና ይኽእል እዩ። ብፍላይ ድማ ንከታበታት ዝጻወሩ ተቐያያሪ ባህሪ ንዘለዎም ዓይነታት ቫይረስ ንኽንገጥሞም ፍሉይ ኣገዳስነት ክህልዎ እዩ። ጎኒ ጎኒ እዚ ውን ስጉምታዊ ደረጃ Bን Cን ንምርኣይ ፍሉይ ኣገዳስነት ክህልዎ፡ ምስቲ ኣብ ገሊኡ ክፉላት ዞባ ቪከን ንርእዮ ዘለና ንንውሕ ዝበለ ግዜ ትርር ዝበሉ ስጉምትታት ከድልዩ ከለዉ እቶም ስጉምታዊ ደረጃታት ምስቲ ኩነታት ከምዝዛመዱ ምግባር ዝከኣል እንተኾይኖም ምግምጋሞም እዩ ይብል ሀየ።

[ኣብቶም ዝተፈላለዩ ደረጃታት ዝምልከቱኻ ዝርዝር ስጉምቲታት ኣየኖት ከም ምኳኖም ንምፍላጥ ኣብዚ ይርከቡ/Her finner du en oversikt over hvilke tiltak som gjelder for de ulike nivåene.]